# ኤ ር ት ራ ና

*ኣማን ሰላም ( ካብ ኤውሮጳ )*




እዋኑ ኢዩ
ክፍታሕ ጸገማትኪ
ኤ ር ት ራ ና
እዋኑ ኢዩ
ሎሚ"ስ ክሓልፈልኪ
ኤ ር ት ራ ና
ሕድሪ ነይርዎም ጀጋኑኺ
በኟ ዝሓለፉ ምእንታኺ
ኤርትራና
ሎሚስ ተበጊሱ ኢዩ ዓጢቑ ህዝብና
ከተግብሮ ሕድሪ ጀጋኑና
እቲ ሓይሉ ሓይሉ መንእሰያትና
እቲ ተመክሮ ዝሓለፈ ትዕግስትና
እቲ መንገዲ ድሕነት ንሃገርና
ከነስተማቕሩ በኟ ዝተኸፍሉ ናጽነትና
መሉእ ሓርነት ክትለበስ ኤርትራና
ሰላም ቅሳነት ራህዋ ፍትሒ ሓድነትና
ማዕርነት ዲሞክራሲ መገዲ ጉዕዞና
ሰላም ክሰፍነኪ ኤርትራና
ማዕበል ህዝብኺ
ካብ ውሽጢ ካብ ወጻኢ
ተበጊሱ ኣሎ ከድሕን ናዓኺ
**ንሕና ኤርትራ ኤርትራ ንሕና**
**ኣሕሊፍና ኣይንህበክን ንኻና**
**ንስኺ ናትና ንሕና ናትኪ ኢና**

ኣይንኣምንን ኣብ ወልቀ ዲክታቶር ጎባጢና
**ዝብሉ ንሕና ንሱ ንሱ ንሕና**
መናወሕቲ ዕድመ ነዚ ገፋዒና
መጥፋእቲ ህዝብና ሃገርና
ዝጠለሙ ሕድሪ ስዉኣትና
እወ ተጠሊሞም
እዞም ሽግር ህዝቦም ዘይስመዮም
ኣዳናጊሮም
ሓቂ ኣምሲሎም
ምእንቲ ጥቅሞም
ንህዝቢ በዲሎም
ንሃገር ኣኽሲሮም
ድሕሪት ተሪፎም
ባዓል እከይ ተግባሮም

መ ር ገ ጾ ም

ኣንጻር ህዝቦም
ሽሞም ለዋዊጦም
በብይኑ ሕብሮም
ምእንቲ ስልጣኖም
ንኹሉ ጸቒጦም
እንዳ ተቐዚፉ መንእሰያትና
ኣጅኺ ዝብልዎ እዞም ጎዳእትና
ህ.ግ.ደ.ፍ ዘይመባልዕቲ ሃገርና
እንትርፊ ስላማኑ ዘይሓሊ ንህዝብና
ንሃገር ንድሕሪት ኣትሪፉ
ንህዝቢ ናብ ስደት ኣጽዲፉ
እንታይ"ከ ገዲፉ
እዚ ጸይቂ ኣፉ
ሎሚ"ስ እንዳራኣይ ምግሓፉ
እዚ ጠላም ንብጸቱ
ጸልማት መገድታቱ
ኣንጻር ህዝቢ ሕንጻታቱ
ኣበይ ከይትበጽሕ ኣበይ ከይታኣቱ
ኣኺላ ማዓልቲ ፍርዱ ሞቱ
ምስቲ እከይ ስርዓቱ
ምስቶም ኮራኹር ደገፍቱ
2012 **ዳሓን ኩኒ በልዎ ሳዓብቱ**
ዓወት ህዝብና ኮይኑ ንምሸቱ
ጻሓይ ሓርነትና በሪቃ ኢያ
መገዲ ሓድነት ኣብ ልቢ ህዝቢ ኣትያ
እንዳ ሰረሕት ቒያ
ጀጋኑ ደቃ መንእሰያት ኣሎናኺ ካበሉ
ኣብ ኩሉ ክርናዓት ዓለም ዝተላዕሉ
ካብ ኣሜሪካ ክናዳ ኣውሮጳ ኣውስቱራልያ
ማእከላይ ምብራቕ ኢትዮጲያ
ኣብ ውሽጢ ሃገርና እንተላይ ኣብ ኢስያ
እ ን ዳ በ ሉ ይኣክል ክፉያ
ንስርዓት ኢሰያስ ንእለያ

ዝኽሪ ንጀጋኑ ሰማእታትና
ሓድነትና ድሕነት ኤርትራና
ሓድነትና ሕድሪ ሰዉኣትና
ሓድነትና መገዲ ዓወትና
ኣማን ሰላም ( ካብ ኤውሮጳ )